ናበይ ሕጂ ናብአቶም ተማዕዱ

ትማልንድዩ ደሙ ፈሲሱ፣ ተኻዕዩ
አዕጽምቶም ተሰባቢሩ፣ ተዘርዩ
እንታይ እዋንዳእዩ ተረሲዑ
ድሮ አብራኽካ ዘሪዑ

    ናበይ ኢኻ ንድሕሪ ቁሊሕምሊሕ ትብል
    መህደሚኻ ተጣጥሕ መሓከሊ፣ መኸወሊ
    ተሸፊንካ መጋረጃ፣ ድሕሪ ኮምፒዩተር
    መቃብሮም ካብ ትጽሕትር

ሆ! እንድዩ ዝብል ዘሎ ህዝቢ በጃ ሃገር
ብስሙ ምሒሉ ክብሩ ከይድፈር
አይተግድዕ፣ ስመርምበር ምስኡ ሕበር።

    ትማሊ ይቐረ ኢሉልካንዲዩ
    ንዓመታት ስለዝሓንገድካ
    አይሰምዕ፣ አይርኢልካ ካን አጽቒጥካ
    ክትድልብ ድግሪታትካ።

ንሱ ግን ክተብርዮ መሲልዎ፣ ህዝብኻ ክትጥውሮ
አብ ድኻሙ ማእገር ኮይንካ ክትሕንግሮ
ካብ ሕማሙ ክትፍውሶ።
    አይመሰሎን ትክሕዶ
    መቓብሩ ብብርዕኻ ትሓርሶ።

አብ ጌታኻ ምንባር፣ ርሒቕካ ካብ ክውንነት
ወትሩ ምስ ሕልናኻ ካብ ትማጎት
ካብ ጌታኻ ምምሃርዩ ዝበለጸ ትብዓት
ኮነቱዩ ሱቕ ኢልካ ንውልቃዊ ረብሓ ምብልሓት
ህዝቢ ክሓተካዩ ጽባሕ ጊሓት።

    ኀቪድ ዶ አይበልካዮን ምሰኻንዲዩ ወፊሩ
    አብቲ ቀውጢ እውን ንሱንዲዩ አብ ጎንኻ ነይሩ
    ብዕጭኡ መዓስ ተረቲዑ፣ ንመስዋእቲ ተሓሪዩ።

ምእንታኻምበር ንክብረትካ
ክይትነብር አብ ትሕቲ ጓኖት ደኒንካ፣ ተዋሪድካ።

እቲ መሰረት አንጺፍዎዩ
መመሪሩ አሕሊፍዎንዲዩ
እቲ ጸልማት አብሪሁልካ፣
ኣትሒዙካ ኣንፈት መኣዝንካ
እንታይድኣ ብቀትሩ ድንግርግር ዝብለካ
ሕማቑን ጽቡቕን ባቃ ምፍላዩ ጸጊሙካ።

ነዊሕ መዓስ ኮይኑ
ትማሊ እኮዩ
ንያትካ ተዐርብ ከይጀመርካ
ተስፋኻ ተጸንቂቑ ታይእውንካ
ምስመን ኢኻታ ተዳኽር
ናይትማሊ ዘይትዝክር

ብታንክታቶም እንዲዩ ተረጊጹ
ብናፓልሞም ተለብሊቡ፣ ነዲዱ
ህዝብኻ ብስንኮም ፋሕፋሕ ኢሉ ተሰዲዱ
ናበይድአ ሕጂ ናብአቶም ተማዕዱ።

መኮነን ዓንተራይ
9/04/2008